**ሓቢርካ ጸወታ፥ እንታይ'ዩ?**

ቆልዑ ሓቢሮም ብጉጅለ ንኽጸወቱ ኣብቲ መእተዊ መዋእል ህጻናት ንኽልተ ዓመት ዘኣክል ይራኸቡ።

ሓንቲ ጉጅለ ካብ 8 ኽሳብ 12 ቆልዑ ትጥርፍ። አቶም ቆልዑ ድማ ባዕላቶም ብዘይ ሓገዝ ወለዲ ብጸወታ መልክዕ ሕዉስ ናይ ሙኻን ጠባይ ዪማሃሩን ቶሞኮ ዪድልቡን። ነቶም ቆልዑ ሓገዝትን ኣለይትን ሰነይትን ይግበሮሎም ፥ እቶም ቆሎዑ ፍሉይ ዕማም ከይተዉሃቦም ነጻ ኮይኖም ይጸወቱ።

ሓቢርካ ጸወታ ነቶም ኮልዑ ከም ሓደ ባህታ ዝፈጥር ደሴት ክኾዉን ኣሎዎ።

ከም መኣከላይ ዝረኤ ኣብዚ እቲ ቆልዓን ድሌታቱን ናብ ዓይነት ጸወታ፡ ምንቅስቃሳት፡ ዘረባን ዕረፍትን። እዚ ሓቢርካ ጸወታ ነቲ ቆልዓ  ከባቢያዉን ማሕበራውን ከም ዘስፍሕ ይሕግዞ።

እቲ ቆልዓ ባዕሉ ኣብቲ ጉጅለ ቦታኡ ንኽረክብ፡ ሓሳቡ ክህብ፡ ክብሪ ሰብ ክማሃር፡ ሓያልን ድኹሙን ከም ዘሎ ፈሊጡ ከም ዘሎዎ ኽቅበሎን ክተሓጋገዝን ኢሂ ኢሉ ክሰምዕን እንተተባኢሶም ድማ ይቅረ ንኽባሃህሉ ይማሃር።

እቲ ዝበለጸ ኽኣ ቆዋሚ ኣብ ሓንቲ ጉጅለ ሙኻን። እዚ ቆዋምነት ሓደ ካብቲ ቡዙሕ ፍልልይ ካብ ታሓዚት ቆልዓ'ዩ። ቆልዑ ኣብ ቅድመ ትምህርቲ ዝርከቡ ብተበግሶኦም ኽነጥፍ ምበር ኣብ ስራሕ ጽሙዳት ክኾኑ ኣይደልዩን። ኽምኡ ስለዝኾነ ኸኣ እቲ ቆልዓ ዓይነት ጸወታን ንጥፍታትን ጠቅላላ ባዕሉ ይመርጽን ይዉስኒን። እታ ሓላፍቶም ውን ኣብቲ ነጻ ናይ ጸወታ መድረኽ ትሕግዞምን ትሰንዮምን ዓቢ ፍቃድ ዉን ትህቦም ዳህሳስ ንኽካይዱ። እዚ ኹሉ ግን ደረቱ ዝተሓለወ ክኽዉን ኣለዎ።

ኣብዚ ዝግበር ጸወታ ኸኣ ብዝተፍላለየ መሳርሒ ይስሩሑ፡ ይቅቡኡ፡ ይልወሱ፡ ይዝየሙን ይድረፍን፡ ድማጺ ምፍጣርን ምንቅስቃስን ዉን ዪዝዉተር። ታሪኽ'ዉን ይንገረካ። ጸወታ ምስትምቃርን ባህታኻ ምዉጻእን'ዩ እቲ ቀንዲ ዛዕባ' ምበር ዝበለጸ ስነዓ ምስራሕ ኣይኮነን።

እቶም ቆልዑ ዝጸወትዎ ጸወታ ባዕሎም ዮም ዝመርጹ። ኩሉ ነገራቱ ብዘይ ጸቅጥን ግዴታን ዩ ዝስራሕን ዝጸወትን።

ነቲ ቆልዓ ዉን ኽም ቶውህቡኡ ኽገብር፡ ደስ ተዘይ ቦሎ ዉን ኽገድፎ፥ ኽም ዝመስሎ ጌሩ ዉን ንቡጾቱ እንታይ ዪሰርሑ ክም ዘሎዉ፣ኽዕዘቦም ዕድል ይዋህቦ።

እቲ ሓቢርካ ምጽዋት ዝባሃል ኽምቲ ናይ መዋእል ህጻናት ሙዱብ ጸወታን መደብ ትምህርትን የብሉን።

**እቲ ሓቢርካ ምጽዋት ነቲ ቆልዓ እንታይ ይሕግዞ?**

ብውሑስን ቡሩሁን ዘገምታዊ መንገዲ እቲ ቆልዓ ኻብ ናይ ቀረባ ኣላዩኡ ንኽርሕቅ የለማምዶ። ቀዳማይ ስግሚ ናብ ዘይተዳህሰሰ ኽባቢኡን አለይቱን ኻሊኤት ኽምኡ ቆልዑን ንኽገብር ይሕግዞ። ቱጉህነትን ነብሰ ሙርኮሳን ዉን ቡኡ ኣቢሉ ይማሀር። ኢደ ስራሑቱ፥ ቓንቓኡ፥ ኣእሙሩኡ፥ ሕዉስነቱን ብቅዓቱን ንኽስፍሕ ይሕግዞ። ቡኡ ኣቢሉ ኻኣ እቲ ቆልዓ ዉልቃዊ ቶሞክሮ ይእክብ። እዚ ቶሞክሮ ግድን ኣይኮነን ምስ የሕዋቱ ክካፈሎ። ካብ ስድሩኡ ናብቲ ጉጅለ ዝወስድ ድልድል  ኮይኑ ካኣ ነቲ ቆልዕዓ የገልግሎ።

**እቲ ሓቢርካ ምጽዋት ነቶም ስድራ ቆልዓ እንታይ ይሕግዞም?**

እቶም ስድራ ቆልዓ ምስ ካልኦት ስድራ ተመሳሳሊ ዕድመ ዘሎዎም ቆልዑ ንኽላልዩን ቶሞክሮ ኽለዋወጡን ይሕግዞም። ኣቡኡን ኣዲኡን ኸኣ ኖያኦም ቁሩብ ግዜ ይረኽቡ።